



# Orientation to Ontario

1-855-626-0002
https://orientationontario.ca

## ገንዘብን ውልቃዊ ፋናንስን

### ባንክታትን ማሕበራት ለቓሕን

ባንክታትን ማሕበር ለቓሕን፡ ነዞም ዝስዕቡ ዘጠቓልሉ ብዙሓት ፋናንሳዊ ኣገልግሎታት ይቕርብ፡

- ተንቀሳቓሲ ሕሳብ ባንክ (chequing account) ከምኡ'ውን ዘይንቀሳቐስ ሕሳብ ባንክ (savings account)
- ዴቢት ካርድ፡ ናይ ባንክ ሕሳብካ፡ ኣብ ናይ ባንክ ማሽን ወይ ኣብ ናይ ቴሎር ማሽን (ABM or ATM) ክጥቀመሉን ናይ መሸጣ ግብረ-ዋኒን ከተካይድን ዘኽእለካ እዩ።
- ናይ 24-ሰዓት ናይ ኢንተርነትን ቴሌፎንን ኣገልግሎት ባንክ።
- ክሬዲት ካርድ፡ ናይ መስመር ካርድ፡ ናይ ለቓሕ ካርድ፡ ሞርጌጅን።
- ፍርያት ወፍሪ ከምኡ'ውን ምውጻእ ውጥን

ብዙሓት ባንክታትን ማሕበር ለቓሕን፡ ናይ'ቲ ዝህብኦ ኣገልግሎታትን፡ ወርሓዊ የኽፍላ እየን። እንተኾነ፡ ክፍሊት ዘይብሉ ናይ ባንክ ምርጫታት ዝህባ ገለ ባንክታት ኣለዋ። ቅድሚ ዝኾነ ሕሳብ ባንክ ምኽፋትካ፡ ብዛዕባ ክፍሊት ናይ ባንክ ሕተት። ቀጺልካ፡ ክልተ ዓይነት መለለዪ መንነት ከተርኢ የድልየካ፡ ሓደ ስእልኻን ክታምካን ዘለዎ፡ እቲ ካልኣይ ኣድራሻኻ ዘርኢ እዩ።

### ለቓሕ/ክሬድት

ክሬዲት ካርድን ናይ ለቓሕ ካርድን፡ እቶም ኣዝዮም ፍሉጣት ዓይነታት ክሬድት እዮም። ክሬዲት ክትጥቀም ከሎኻ፡ ብኣለቃሓይ (ዝበዝሐ ግዜ ባንክ ወይ ኩባንያ ክሬዲት ካርድ) ወለድ ክትከፍል ኢኻ። እቲ እትኸፍሎ ወለድ፡ ሚእታዊት ናይ'ቲ ዝተለቃሕካዮ መጠን ገንዘብ እዩ።

ዕዳ ንኽምለስ ነዊሕ ግዜ እንተ ወሲዱ፡ ዝኽፈል ወለድ ድማ ብኡ መጠን ይበዝሕ። ነቲ Welcome to Canada (እንቋዕ ናብ ካናዳ ብደሓን መጻእካ) ዝብል መምርሒ ኣንብቦ'ሞ፡ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ክሬድትን ለቓሕን ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረክብ ኢኻ፡ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ድማ ብጻሕ canada.ca

ናይ ክሬድቲ ታሪኽካ፡ ናይ ዝሓለፉ ለቓሓትካ፡ ክሬዲትካን ክፍሊታትካን መዝገብ እዩ። ብዙሓት ሰባት ታሪኽ ክሬዲት፡ ብክሬዲት ካርድ ጌሮም የማዕብልዎ። ሓላፍነታዊ ኣጠቓቕማ ክሬዲት፡ ነቶም መራሕቲ ለቓሕ ክወስዱ ብቑዕ ምሕጹይ ምኳንካ'ዩ ዘርእዮም። ኣብ ባንክኻ፡ ብዛዕባ ክሬዲት ካርድ ፕሮግራም ንሓደስቲ መጻእቲ ዝምልከት ምስ ገለ ተዘራረብ።

ንዝያዳ ሓበሬታ፡ Financial Consumer Agency of Canada (ንፋናንሳዊ ናይ ዓሚል ኤጀንሲ ኣብ ካናዳ) ኣብ fcac-acfc.gc.ca ተወከስ።

ብዛዕባ ምትላልን ስርቂ መንነትን ዝያዳ ሓበሬታ ንምርኻብ፡ ኣብ ኢንተርነት ዝርከብ Canada's online Consumer Handbook (ናይ ካናዳ ኢንዱስትሪ መጽሓፍ-ዕዮ ዓማዊል) ኬድካ ኣብ consumerhandbook.ca ኣንብብ።

### ቀረጽ

ኣብ ካናዳ፡ ምምሕዳራት ንኽም በዓል ክንክን ጥዕና፡ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ዓበይቲ ጽርግያታት ዝኣመሰሉ ህዝባዊ ኣገልግሎታትን ትሕተ-ቅርጽን ንምኽፋል፡ ቅረጽ እዩ ዝጥቀም። መግለጺ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ቀረጽ ዝምልከት ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ Ministry of Finance (ሚኒስትሪ ፋናንስ) ኣብ ontario.ca ብጻሕ።

Income Tax (ቀረጽ እቶት) – ተቐማጢ ካናዳ እንተደኣ ኮይንካ፡ ምስ Canada Revenue Agency (CRA ካናዳ ረቨኑ ኤጀንሲ)) ኮይንካ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ተመላሲ ናይ እቶት ቀረጽ ክትመልእ ግድነት እዩ።

ዝበዝሑ ሰራሕተኛታት፡ ካብ'ቲ ናይ ደሞዞም ቼክ ቀረጽ ይቑረጾም'ዩ። ናይ ኩንትራት ሰራሕተኛታትን ብነብሶም ዝሓድሩን ድማ፡ ግድን ባዕሎም ቀረጽ ክኸፍሉ ይግባእ።

ዝበዝሑ ሰባት፡ ድሕሪ ተመላሲኦም ምምዝጋቦምን ህላወ ክሬዲትን ወጻኢታትን ምሕታቶምን፡ ካብ CRA ገንዘብ ይምለሶም እዩ። ተመላሲ ቀረጽ ፈዴራል ድማ፡ ንክፍሊ ዞባዊ ናይ እቶት ቀረጽ ዘጠቓለለ እዩ። ብመገዲ Community Volunteer Income Tax Program (መደብ ወለንታዊ ማሕበረሰብ ቀረጽ እቶት) ጌርካ ተመላሲኻ ንምጽፋፍ ናጻ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ን Cana-da Revenue Agency (CRA ካናዳ




Funded by / Financé par :

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada
Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

ረቨኑ ኤጀንሲ)) ኣብ findlink.at/incometax ተከወስ።

Sales Tax (ቀረጸ ሽያጥ) – ኩሎም ነበርቲ ኦንታርዮ ንመብዛሕትኡ ኣቑሑትን ኣገልግሎታትን Harmonized SalesTax (HST ዝተወሃሃደ ቀረጽ ሽያጥ)) ይኽፍሉሉ እዮም። ከም ኣስቤዛታት፡ ጨርቂ ሸንቲ-ቆልዓን ክዳውንቲ ቆልዓን ዝኣመሰሉ ኣገደስቲ ነገራት፡ ቀረጽ ኣይክፈሎምን እዩ። ናይ ኦንታርዮ HST፡ 13% ናይ ዋጋ መሸጣ እዩ። ትሑት ወይ ማእከላይ ኣታዊ ዘለዎም ተቐማጦ ኦንታርዮ፡ ካብ CRA ውሑድ ዓቐን ናይ HST እዩ ዝምለሰሎም። ንናይ HST ክሬዲት፡ ካብ'ቲ ዓመታዊ ተመላሲ ናይ እቶት ቀረጽካ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ዓቐን ዝኽፈለካ፡ ኣብ ደረጃ ኣታዊኻ እዩ ዝምርኮስ።

ብዛዕባ ክሬዲት HST ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ተወከስ -findlink.at/GST-HST ብጻሕ።


Property tax (ናይ ንብረት ቀረጽ) – ወነንቲ ንብረት፡ ንናቶም ምምሕዳር ከተማ ቀረጽ ግድን ክኸፍሉ ኣለዎም። ምምሕዳር ከተማ፡ ንዓቐን ናይ'ቲ ቀረጽን ብዝሒ ናይ'ቲ ዝኽፈልዎ፡ ኣብ ዋጋ ወይ ክብሪ ናይ'ቲ ንብረት ተሞርኲሶም እዮም ዝውስንዎ። ገዛኻ ወይ ንግድኻ እንተደኣ ኣካሪኻዮ፡ ናይ ንብረት ቀረጽ ምኽፋል ኣየድልየካን እዩ፣ እንተኾነ፡ ዋጋ ክፍሊት ናይ ንብረት ቀረጽ፡ ኣካል ናይ'ቲ ንዓቐን ክራይ ዝውሰኖ እዩ። .

## ቀረጽ ክሬድትን ክፍሊት መልዕሎን

ብመሰረት ተመላሲ ቀረጽ ኣታዊ ዘለዎም ሰብ፣ ንኣብነት ከም ክረዲት HST (ዝተወሃሃደ ቀረጽ ሽያጥ)፡ ንተቐማጣይ ኦንታርዮ ዝሕግዙ ብዙሓት እቶት ኣለዉ። ሽሕ ግዜ እቶት እንተዘይብልካ፡ ቅጥዒ ምምላስ ቀረጽ ክትመልእ ኣገዳሲ እዩ።

እቶም ክልተ ኣገደስቲ ክሬዲታት፡ Working Income Tax Benefit (WITB ናይ ስራሕ መልዕሎ ኣታዊ ቀረጽን)) Canada Child Benefit (CCB መልዕሎ ቆልዓ ካናዳን)) እዮም። WITB ን CCB ኣብ እቶትካ እዮም ዝምርኮሱ። ኣስተውዕል/ሊ፡ በዓል ቤትካ/በዓልቲ ቤትኪ ወይ ናይ ሓብር ሕጊ መጻምድኻ/ኺ፡ ተጠቀምቲ ቀረጽ ክረዲትን ካልኦት ክፍሊታያት መልዕሎን ምእንቲ ክኸውን፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓመት ቅጥዒ ተመላሲ ቀረጽ ግድን ክመልእ ኣለዎ።

ብዛዕባ፡ ቀረጽ ክሬዲትን ክፍሊት መልዕሎን ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ Canada Revenue Agency (ንመርበብ-ሓበሬታ ካናዳ ረቨኑ ኤጀንሲ) ኣብfindlink.at/cra-bnft ብጻሕ።




### ኣገዳሲ መዘኻኸሪ

ኦንታርዮ ፍቓድ መምርሒ መኪና ወይ ስእሊ ካርድ ናይ መለለዪኻ ተጠቒምካ፡ መንነትካ ሓሉ።

Social Insurance Number (ቁጽሪ ማሕበራዊ መድሕን ኣይጠቐም)።






orientation to ontario · l'ontario c'est chez moi